ናይ ቁልዕነት ክታበት

# ሕማማት ቁልዕነት ተረሲዑ ክኸውን ይኽእል እዩ ግን ኣይጠፍአን።

ክታበት ንህጻናት ኣብ ምሉእ ህይወቶም ብክታበት ክከላኸሉ ዝኽእሉ ሕማማት ንምሕላዉ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

ውላድኩም ኩሎም ዝምከሩ ክታበታት ወሲዶም ድዮም? ንወሃቢ ክንክን ጥዕና ውላድኩም ሕተቱ።

## ክታበት፡- ንመከላኸሊ ዝበለጸ ዕድልኻ።

ብዛዕባ ክታበት ሕቶታት እንተሃልይኹም፣ ንወሃቢ ክንክን ጥዕናኹም ሕተቱ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበትን ሕማማትን ኣብዚኦም ተወከሱ፡-**

- **hhs.iowa.gov/public-health/immunization**
- **www.immunize.org**
- **www.cdc.gov/vaccines**
- **www.aap.org**

IOWA Health and Human Services
Public Health

06/2024

# ናይ ቁልዕነት ክታበት

ንዝሓሸ ህይወት ክታበት ውሰዱ!



IOWA Health and Human Services
Public Health

## ክታበት እንታይ እዮም ብኸመይከ ይሰርሑ?

ክታበት ንናይ ምክልኻል ዓቕሚ ቅድሚ ረኽሲ ምፍጣሩ ንባክተርያን ቫይረሳትን ከመይ ጌሩ ከም ዘለልዮምን ከም ዝቃለሶምን ይምህር። ክታበት ከይሓመምኹምን ብሕማማት ከይተሳቐኹምን መከላኸሊ ይህበኩም። ገለ ክታበታት ሓደ ዶዝ ጥራይ ክጠልቡ እንከለዉ፣ ገለ ድማ መከላኸሊ ንምሃብ ሓያሎ ዶዝ የድልዮም።

## ህጻናት መዓስ ክታበት ክወስዱ ኣለዎም?

ህጻናት ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ህይወቶም፣ ድሕሪኡ ድማ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ዝምከር ክታበት ክወስዱ ኣለዎም። ነቲ ዝምከር ናይ ክታበት መደብ ምኽታልን ህጻናት ኣብ ግዚኡ ምኽታብ ኣገዳሲ እዩ።

ዝተፈላለየ መደብ ምኽታል፣ ወይ ክታበት ምድንጓይ፣ ህጻናት ሕማማት ናይ ምምዕባልን በዞም ዝስዕቡ ክሳቐዩ ዝኽእሉን ሓደጋ ይገብሮም:-

- ዕውርነት
- ምጉዳእ ሓንጎል
- ምጉዳል ምስማዕ
- • ምጉዳል ኣካላት
- ምጉዳእ ኩሊት
- ሽባነት
- ሞት

## ክታበት ኣብዞም ዝስዕቡ ዕድመታት ብስሩዕ ይምከሩ:-

- ልደት
- 2 ወርሒ
- 4 ወርሒ
- 6 ወርሒ
- 12 – 24 ወርሒ
- 4 – 6 ዓመት

## ክታበት ውሑስ ድዩ?

ኣብ ኣሜሪካ ዝወሃብ ክታበት ውሑስን ውጽኢታውን እዩ። ልሙዳት ጎናዊ ሳዕቤናት ክታበት ንኣሽቱ ኮይኖም ኣብቲ ክታበት ዝተዋህቦ ቦታ ቃንዛ ወይ ትሑት ደረጃ ዘለዎ ሰዓል የጠቓልል። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ ምልክታት ንቡር ስለዝኾኑ ኣካላትና ሕማም ምክልኻል ክሃንጽ ከሎ ትጽቢት ክግበር ይግባእ። ከቢድ ግብረ መልሲ ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ። ዝኾነ ክታበት ዝወስድ ሰብ ብዛዕባ ክልቲኡ ረብሓን ሓደጋን ምሉእ ሓበሬታ ክወሃቦ ይግባእ። ዝኾነ ሕቶ ወይ ስክፍታታት ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ክዘራረብ ኣለዎ።



## ህጻናት ኣብ ግዚኡ ክታበት ምግባር ካብዞም ዝስዕቡ ሕማማት ይከላኸለሎም:-

- ኮቪድ-19
- ዲፍቴሪያ
- ቴታነስ (lockjaw)
- ፔርቱሲስ (ትኽትኽታ)
- ሄፓታይቲስ ኤ
- ሄፓታይተስ ቢ
- ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ (Hib)
- ኢንፍሉዌንዛ (ጉንፋዕ)
- ሕማም ዕንፍሩር
- ጽግዕ
- ሮታቫይረስ
- ሩቤላ
- ኒሞኮካል
- ፖሊዮ
- ቫሪሴላ (ፍንጣጣ)

## መዝገብ ክታበት ውላድኹም

መርትዖ ክታበት ኣብ ምሉእ ህይወት ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል። ብዛዕባ ምእታው ክታበት ናብ ስርዓት ሓበሬታ መዝገብ ክታበት ኣዮዋ (IRIS) ን ቅዳሓት መዛግብትኻ ንምርካብን ምስ ወሃቢኻ ክንክን ጥዕና ተዘራረብ።